ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية الثورية الارترية

ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT

# መግለጺ 2ይ ጉባኤ ዞባ ሰሜን ኣሜሪካ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ (ሰደግኤ)

ብ24 ስከረም 2017 ዞባ ሰሜን ኣሜሪካ ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰድግኤ) 2ይ ዞባዊ ጉባኤ ኣካይዱ ።

ብኣቦ መንበር ዞባ ብናይ እንቛዕ ብድሓን መጻኹም መልእኽቲ ድሕሪ ምኽፋቱ ነዚ ጉባኤ ከውን ንምግባር ዝተኻየደ ጻዕርታት ኣመስጊኑ ።

ቀጺሉ ብኣባል ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ቃል ውድብ ቀሪቡ፡ ከምኡ ድማ ናይ ደገፍ መልእኽቲ ዞባ ኤውሮጳ ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰድግኤ) ድሕሪ ምቕራቡ ጉባኤ ስሩዕ ስርሑ ጀሚሩ ። ጉባኤ ብኣቦ መንበር ዞባ እንዳ ተመርሐ ኣብ ዝቐረቡ ናይ ስራሕ ጸብጻባት ተማየይጡ ። ኣብቲ ዝቀረበ ናይ ስራሕ ጸብጻብ ዝምላእ መሊኡ ፡ ክመሓየሽ ዝግብኦ ኣመሓይሹ ፡ ዝእረም ኣሪሙ ፡ ሓያል ጎኑን ድኹም ጎኑን ድሕሪ ምቕማጥ ካብ ድኻማቱ ጉቡእ ትምህርቲ ሓፊሱ ዝወጻሉ ጉባኤ እዩ ነይሩ ።

ዞባዊ ጉባኤ ሰሜን ኣሜሪካ ነቲ ኣብ 7ይ ውድባዊ ጉባኤ ሰድግኤ ዝጸደቀ ፡ ገንጋምን ፡ ፖለቲካዊ ውሳኔታትን ፡ መሰረት ብምግባር ኩነታት ናይ ለውጢ ቃልሲ ህዝብታት ኤርትራ ዘለዎ ደረጃን ጸገማትን ፡ ብቡእ ድሕሪ ምርኣይ ናይ ቃልሲ ብጽሒቱ ነጺሩ ኣቐሚጡ ። ነቶም ነጺሩ ዘቐመጦም ዕማማት ንምስልሳል ድማ እዞም ዝስዕቡ ኣገባባት ክኽተል ርእዩ ፡

1. ናይ ኣባላት ኩሉ ሸነኻዊ ንቕሓት ምዕባይ፡
2. ዝተማልአ ውድባዊ ሂወትን ኣሰራርሓን ብጉቡእ ምምላኽ፡
3. ኣባላት ኣብ ውሽጦምን ምስ ህዝብን፡ ኣባላት መሓዙት ውድባትን፡ ስቪክን መንፈስ ምትእምማን ዝዓሰሎ፡ ባህሊ ምክእኣል ንምጉልባት ካብኡ ዝድለ ኩሉ ክገብር ወሲኑ ።
   በዚ መንፈስ ዝተቃንዐ ዞባዊ ጉባኤ ኣብ መጠረሻ ሓንቲ ሓዳስ ዞባዊ መሪሕነት ምስ ተጣባበቕታ መሪጹ ዕዉት ጉባኤ ኣካይዱ ።

**ቅኑዕ መስመርን ሓፋሽን ሒዝና ንጽንኩር መድረኽ ብምስዓር ክንዕወት ኢና!!**

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ክብርን ንሰማእታት

ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰድግኤ)

መስከረም 24.2017